# ነጋሪት ጋዜጣ ትግራይ
## የትግራይ ነጋሪት ጋዜጣ

### ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
### የትግራይ ብሔራዊ ክልላዊ መንግስት

መበል 24 ዓመት ቑ. 6 መቐለ 288/2009 ዓ.ም

ብሓልዮት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዝወፅ

24ኛ ዓመት ቁ. 6 መቐለ 288/2009 ዓ/ም

ቑፅሪ ኣዋጅ 288 /2009 ዓ.ም

## ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምምሕያሽ ዝወፀ ኣዋጅ

ግልጋሎት ቴክኖሎጂ መራኸቢ ሓፋሽ ካብ እዋን ናብ እዋን እናተማሓየሸ ብምምፅኡ ኣብ ግምት ብምእታው ተረባሕነት ህዝቢ ንምርግጋፅ ኣብ ግልጋሎት ዝነበረ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ምምሕያሽ ኣድላይ ብምዃኑ፤

ልምዓት ሰላምን ዲሞክራስን ከምኡ'ውን ኣብ ማዕርነትን ምፍቕቓድን ዝተመስረተ ዲሞክራሲያዊ ሓድነት ህዝብታት ክልልናን ሃገርናን ብቐፃልነት ተጠናኺሮም ንክቕፅሉ እጃም ግልጋሎት መራኸቢ ሓፋሽ ብምግንዛብ፤

ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ትግራይ መንግስትን ህዝብን ብምርኻብ ህዝቢ ኣብ ልምዓትን ሓበራዊ ረብሓን ዘለዎ ተሳትፎ ንምርግጋፅ ግቡኡ ዝፍፅመሉን ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ክልልናን ሃገርናን ኣብ መንጎ ሕብረተሰብ ዘለው ዝተፈላለየ ሓሳባትን ሪኢቶታትን ብነፃ ዝገልፅሉ ትካላዊ ኣሰራርሓ ምጥንኻር ኣድላይ ብምዃኑ፤

አዋጅ ቁጥር 288 /2009 ዓ.ም

## የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት መገናኛ ብዙሃን ኤጀንሲ ለመሻሻል የወጣ አዋጅ

የመገናኛ ብዙኋን አገልግሎት ቴክኖሎጂ ከግዜ ወደ ጊዜ እየተሻሻለ በመምጣቱ ግምት ውስጥ በማስገባት የህዝብ ተጠቃሚነት ለማረጋገጥ በአገልግሎት የነበረው አደረጃጀትና አሰራር ማሻሻል አስፈላጊ በመሆኑ፤

ልማት ሰላምና ዲሞክራሲ እንዲሁም በእኩልነትና ብመፈቃቀድ ላይ የተመሰረተ የክልላችንና የሃገራችን ህዝቦች ዲሞክራሲያዊ አንድነት በቀጣይነት ተጠናክረው እንዲቀጥሉ የመገናኛ ብዙኋን ሚና በመገንዘብ፤

የትግራይ መገናኛ ብዙኋን ኤጀንሲ መንግስትና ህዝብ በማገናኘት ህዝብ በልማትና የጋራ ጥቅም ያለው ተሳትፎ ለማረጋገጥ ግዴታውን የሚፈፅምበትና በክልልና በሃገራችን ህገ መንግስቶች መሰረት በህብረተሰቡ ያለው የተለያየ ሐሳብና አስተያየት በነፃ የሚገልፅበት ተቋማዊ አሰራር ማጠናከር አስፈላጊ በመሆኑ፤

ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ትግራይ ዝህቦ ግልጋሎት ቅልጡፍ፣ ዕርየቱ ዝሓለወን ተወዳዳራይን ክኸውን ምግባር ኣገዳሲ ምዃኑ ስለ ዝተኣመነሉ፤

ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት ዝተመሓየሸ ሕገ-መንግስቲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ዓንቀፅ 49(3)(ሀ) ዝተውሃቦ ስልጣን ዝስዕብ ኣዋጅ ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ

**ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ**

እዚ ኣዋጅ "ዝተመሓየሸ ኣዋጅ ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ትግራይ" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 2. ትርጉም**

ኣብዚ ኣዋጅ፡-

1. "መንግስቲ" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፤
2. "ቤት ምኽሪ" ማለት ቤት ምኽሪ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ፤
3. "ኤጀንሲ" ማለት ሓበሬታ ብምስንዳእን ብምውዛዕን ንህዝብን መንግስትን ንምሕባርን ምምሃርን ንምህዳስን በዚ ኣዋጅ ዝተጣየሸ ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ክልል ትግራይ እዩ፤



የትግራይ መገናኛ ብዙሃን ኤጀንሲ የሚሰጠው አገልግሎት ቀልጣፋ፣ ጥራቱ የጠበቀና ተወዳዳሪ እንዲሆን ማድረግ አስፈላጊ መሆኑ ስለ ታመነበት፤

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ተሻሽሎ በወጣው የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ህገ-መንግስት ዓንቀፅ 49(3)(ሀ) በተሰጠው ስልጣን መሰረት የሚከተለውን አዋጅ አውጥቷል።

## ክፍል አንድ

## ጠቅላላ

**አንቀጽ 1. አጭር ርእስ**

ይህ አዋጅ "የትግራይ የተሻሻለ የመገናኛ ብዙሃን ኤጀንሲ አዋጅ " ተብሎ ሊጠቀስ ይችላል።

**አንቀጽ 2. ትርጓሜ**

በዚህ አዋጅ፡-

1. "መንግስት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ነው፤
2. "ምክር ቤት" ማለት የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት ምክር ቤት ነው፤
3. "ኤጀንሲ" ማለት መረጃን በማዘጋጀትና በማሰራጨት ለህዝብና ለመንግስት ለማሳወቅ፣ ለማስተማርና ለማዝናናት በዚህ አዋጅ የተቋቋመ የትግራይ መገናኛ ብዙሃን ኤጀንሲ ነው፤

4. "መራኸቢ ሓፋሽ" ማለት ህዝቢ ንምምሃር፣ ንምፍላጥ ወይ ንምህዳስ ሓበሬታ ብምእካብን ብምስንዳእን ብቴሌቭዥን፣ ብሬድዮ፣ ብጋዜጣ፣ ብመርበብ ሓበሬታን ብካልኦት መሳርሕታት ኤሌክትሮኒክስን ሕትመትን ብምሕጋዝ ብምስሊ፣ ብድምፂ፣ ብምስልን ብድምፅን ብፅሑፍን ናብ ህዝቢ ክበፅሕ ዝገብር መሳርሒ እዩ፤

5. "ቦርድ" ማለት ነዚ ኤጀንሲ ብላዕለዋይነት ዝመርሕ ኣካል እዩ፤

6. "ዋና ኣካያዲ ስራሕ" ማለት ነቲ ኤጀንሲ ክመርሕ ብመንግስቲ ዝተሸመ እዩ፤

7. "ሰራሕተኛ" ማለት ናይ'ዚ ኤጀንሲ ብመስርሕን ሰራሕተኛን ሲቪል ሰርቪስን ዝመሓደሩ ሰራሕተኛታትን እዮም፤

8. "ሰብ" ማለት ናይ ተፈጥሮ ሰብ ወይ ብሕጊ ሕጋዊ ሰብነት ዝተውሃቦ ኣካል እዩ፤

9. "ዜና፣መደብ ወይ ፕሮግራም" ማለት ብምስሊ፣ብድምፂ፣ ብምስልን ብድምፅን ወይ ብፅሑፍ ተዋዲዱ ናብ ህዝቢ ዝበፅሕ ምድላው እዩ ።

**ዓንቀፅ 3.** **<u>ኣገላልፃ ፆታ</u>**

ንተባዕታይ ዝተገለፀ ኩሉ ኣንስታይ ፆታውን ይሓውስ ።



4. "መገናኛ ብዙሃን" ማለት ህዝብን ለማሥተማር፣ ለማሳወቅ ወይም ለማዝናናት መረጃ በመሰብሰብና በማዘጋጀት፣ በቴሌቭዥን፣ በሬድዮ፣ በጋዜጣ፣ በኢንተርኔትና በሌሎች ኤሌክትሮኒክስ መሳርያዎችና ህትመት በመታገዝ፣ በምስል፣ በድምፅ፣ በምስልና በድምፅ፣ በፅሁፍ ለህዝብ እንዲደርስ የሚያደርግ መሳርያ ነው፤

5. "ቦርድ"ማለት ኤጀንሲው በበላይነት የሚመራ ኣካል ነው፤

6. "ዋና ስራ ኣስኪያጅ" ማለት ኤጀንሲው በመንግስት የተሾመ ነው፤

7. "ሠራተኛ" ማለት የኤጀንሲው በአሰርና ሰራተኛ እና ሲቪል ሰርቪስ የሚተዳደሩ ሰራተኞች ማለት ነው፤

8. "ሰው" ማለት የተፈጥሮ ሰው ወይም ብሕግ የሰውነት መብት የተሰጠው አካል ነው፤

9. "ዜና፣ መደብ ወይም ፕሮግራም " ማለት ብምስል፣ በድምፅ፣ በምስልና በድምፅ ወይም በፅሁፍ ተዘጋጅቶ ለህዝብ የሚደርስ ዝግጅት ነው።

**አንቀጽ 3.** **<u>የፆታ አገላለፅ</u>**

በወንድ ጾታ የተገለጸው የሴትንም ፆታ ያካትታል።

**ዓንቀፅ 4. <u>ዋና ቤት ፅዮ</u>**

ዋና ቤት ፅዮ እዚ ኤጀንሲ ኣብ ከተማ መቐለ ኮይኑ ከከም ኣድላይነቱ ኣብ ውሽጢ ትግራይን ካብ ትግራይ ወፃእን ጨናፍር ኣብያተ ፅዮን ወኪላትን ክህልዎ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 5. <u>ዕላማ እዚ ኤጀንሲ</u>**

1. ብመሰረት ፖሊሲታትን ሕግታትን ኣብ ክልልና፣ሃገርናን ወፃኢ ዓድን ዝተፈፀሙ ዓበይትን እዋናውን ዋኒናትን ከምኡ እውን ዘምህሩን ዘዛናግዑን ምድላዋት ብመራኸብቲ ሓፋሽ ብምቕራብ ሃነፅቲ ሪኢቶታት ህዝቢ እናተቐበለ ህዝቢ ኣብ ዋኒን ክልሉን ሃገሩን ዘለዎ ኩለ መዳይ ፍልጠት ብምዕባይ ኣብ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ዓዱ ንቑሕ ተሳታፊ ክኸውን ምግባር፤

2. ክልላውን ሃገራውን ምርድዳእ ብምፍጣር ክልላውን ሃገራውን መንነት፣ብዙሕነት፣ ምክእኣልን ዲሞክራስያዊ ሓድነትን ንምሕላውን ንምጥንኻርን ንዝግበር ፃዕሪ ምሕጋዝ ፤

3. ህዝቢ ሓሳቡ ብነፃ ምግላፅ ሕገ መንግስታዊ መሰሉ ኣብ ግብሪ ንክውዕልን ኣብ ማሕበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምንቅስቓስ ዝገብሮ ንጥፈት ንክሕይልን ፅሬቱ ዝሓለወ ስሉጥ ትክክለኛን እዋናውን ሓበሬታ ብሰፊሕ ዋሕዚ ክረክብ ብምግባር ሓበራዊ አረዳድኣ ምፍጣር።



**አንቀጽ 4. <u>ዋና መሥሪያ ቤት</u>**

የኤጀንሲው ዋና መሥሪያ ቤት በመቐለ ሆኖ እንደ ኣስፈላጊነቱ በትግራይ እና ከትግራይ ውጭ ቅርንጫፎች እና ወኪሎች ሊኖሩት ይችላል።

**አንቀጽ 5. <u>የኤጀንሲው ዓላማ</u>**

1. ኣግባብ ባላቸው ሕጎችና ፖሊሲዎች መሰረት በክልላችን፣ኣገራችንና በውጭ ኣገር የተፈፀሙ አበይትና ወቅታዊ ጉዳዮች እንዲሁም ትምህረታዊና ኣዝናኝ ዝግጅቶችን በመገናኛ ብዙሃን በማቅረብ ገንቢ የህዝብ ኣስተያየቶች እየተቀበለ ሕዝቡ በኣገሩና በክልሉ ያለው ሁለንተናዊ እውቀት በማሳደግ በክልሉና በኣገሩ የልማትና መልካም አሰተዳደር ንቁ ተሳታፊ እንዲሆን ማድረግ፤

2. ክልላዊና ኣገራዊ መግባባት በመፍጠር ክልላዊና ኣገራዊ ማንነት፣ ብዝሃነት፣ መቻቻልንና ዲሞክራሲያዊ ኣንድነትን ለመጠበቅና ለማጎልበት የሚደረገውን ጥረት ማገዝ፤

3. ህዝቡ ሕገ መንግስታዊ መብቱ በነፃ የመግለፅ በተግባር በማዋል ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊና ፖለቲካዊ በሚደረግ እንቅስቃሴ ጉልህ አስተዋፅኦ እንድኖረው ቀልጣፋ፣ ትክክለኛና ወቅታዊ መረጃ በሰፊው ስርጭት እንድያገኝ በማድረግ የጋራ መግባባይ መፍጠር።

## ክፍሊ ክልተ

## ኣወዳድባ፣ስልጣንን ተግባርን

### ዓንቀፅ 6. ምጥያሽን ተፀዋዕነትን

1. ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ክልል ትግራይ ዓርሱ ዝኸኣለ ሕጋዊ ሰብነት ዘለዎ ህዝባዊ ግልጋሎት ዝህብ ቤት ፅዮ መንግስቲ ኮይኑ በዚ ኣዋጅ ከምብሓዱሽ ተጣይሹ ኣሎ፤
2. ተፀዋዕነት እዚ ኤጀንሲ ንቤት ምኽሪ ይኸውን።

### ዓንቀፅ 7. ስልጣንን ተግባርን ኤጀንሲ

እዚ ኤጀንሲ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባርን ይህልውዎ፡-

1. ንህዝቢ ጠቓምትን ኣድለይትን ዝኾኑ ዜናን መደባትን ብምትእኽኻብን ብምድላውን ኣብ ክልልና፣ ሃገርናን ወፃእን ንዝርከቡ ተኸታተልትን ሰማዕትን መራኸቢ ሓፋሽ ብምጥቃም ሓበሬታ ምፍናውን ምብፃሕን፤
2. ንልምዓት፣ንሰናይ ምምሕዳርን ህንፀት ዲሞክራስን ዝሕግዙ ዜናታትን መደባትን ምቕራብ፤ዝተፈላለዩ ሕግታትን ፖሊሲታትን መንግስቲ ንህዝቢ ምፍላጥ፤
3. ህዝቢ ኣብ ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት ዘለዎ ኣፍልጦ ንምዕባይ ዝሕግዙ መደባት ምስንዳእን ምቕራብን፤
4. ፍልጠትን ምህዞን ህዝቢ ዘተባብዑ ዝተፈላለዩ መደባት ብምቕራብ ዕግበት ተኸታተልትን ሰማዕትን ምርግጋፅ፤

## ክፍል ሁለት

## ኣደረጃጀት፣ ስልጣንና ተግባር

### ኣንቀጽ 6. መቋቋምና ተጠሪነት

1. የትግራይ መገናኛ ብዙሃን ኤጀንሲ ሕጋዊ ሰውነት ያለው ራሱን የቻለ ህዝባዊ ኣገልግሎት የሚሰጥ የመንግስት መስሪያ ቤት ሆኖ በዚህ ኣዋጅ እንደገና ተቋቁሟል፤
2. ኤጀንሲው ተጠሪነቱ ለምክር ቤት ይሆናል።

### አንቀጽ 7.የኤጀንሲው ስልጣንና ተግባር

ኤጀንሲው የሚከተሉት ስልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፡-

1. ለሕዝብ ጠቃሚና ኣስፈላጊ የሆኑ ዜና እና ፕሮግራሞች በማሰባሰብና በማዘጋጀት በክልላችን፣ ሃገራችን እና በውጭ ኣገር ለሚገኙ ተከታታዮችና አድማጮች መገናኛ ብዙሃን በመጠቀም መረጃ ማሰራጨት እና ማዳረስ፤
2. ለልማት፣ መልካም ኣስተዳደርና ዲሞክራሲ ግንባታ ህብረተሰቡን የሚያግዙ ዜናዎችና መደቦች የማቅረብ፤ የመንግስትን ፖሊሲዎችና ሕጎች ለሕዝብ የማስተዋወቅ፣
3. ህዝቡ በሰብኣዊና ዲሞክራሲያዊ መብቶች ያለው እውቀት ለማሳደግ የሚያግዙ ፕሮግራሞች ማዘጋጀትና ማቅረብ፤
4. የህዝቡ ዕውቀትና ፈጠራ የሚያበረታቱ የተለያዩ ፕሮግራሞች በማቅረብ የተከታታዮችና አድማጮችን እርካታ ማረጋገጥ፤

5. ህዝቢ ሓሳብ ንሓሳብ ክለዋወጥን ክመያየጥን፤ ሓሳብ ብነፃ ክህብን ክቕበልን ኣብ ሓበራዊ ምርድዳእ ንክበፅሕ ምቹው ሃዋህው መራኸቢ ሓፋሽ ንክህሉ ምምችቻው፤

6. ነፃ ሪኢቶን ሓበሬታን ህዝቢ ይቕበል፣ ንዝምልከቶም ኣካላት ብምሕታት የፃርን ውፅኢቱ ንህዝቢ ዕላዊ ይገብርን፤

7. ብቛንቛ ትግርኛ፣ ሳሆ፣ ኩናምኛ፣ ምስማዕ ንዝተስኣኖም ጉድኣት ኣካል ብምልክት ቛንቛ ግልጋሎት ፈነወ ብተወሳኺ ብቛንቛታት ሃገርናን ወፃእን ግልጋሎት ምሃብ፤

8. ግልጋሎታት ምፍላጥ ወይ ምልላይ፣ ምድላው መደባትን ዶክመንተሪን፣ መሸጣን ክራይን ኣየር ፈነወ፣ገፅን ሕትመት፣ ስልጠና፣ቀጥታ ፈነወ ቴሌቭዥን፣ ቀረፃ ቪድዮ ካሜራ፣መሸጣ ዶክመንት፣ ክራይ ስቱዲዮ ፣ መሳርሕትታት ስቱድዮን ኣዳራሽን፣ ስፐስፊኬሽን መሳርሕታት ቴክኖሎጂ ምውፃእን ምምኻር፣ ግልጋሎት ፅገና መሳርሕታት ቴክኖሎጅን ካልኦትን ብተመጣጣኒ ክፍሊት ምሃብ፣ ምስ ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ተላፊንካ ብምስራሕ ድርሰታት፣ ፊልምታት፣ ድራማን ተዛመድቲ ስራሕትን ብኣታዊ ንሓባር ብውዕሊ ምስራሕ ወይ ምዕዳግ ። ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን፤



5. ህዝቡ ሃሳብ ለሃሳብ እንዲለዋወጥና እንዲወያይ፤ ሃሳቡ በነፃ እንዲሰጥና እንዲቀበል ወደ ጋራ መግባባት እንዲደርስ ለማድረግ የሚያስችልና አመቺ የመገናኛ ብዙሃን ሁኔታ እንዲኖር ማመቻቸት ፤

6. ነፃ የህዝብ አስተያየትና ጥቆማ ይቀበላል፤ለሚመለከተው አካል በመጠየቅ አጣርቶ ውጤቱ ለህዝብ ይፋ ያደርጋል፤

7. በትግርኛ፣ ሳሆ፣ ኩናምኛ ቋንቋውች መስማት ለተሳናቸውና ለአካል ጉዳተኞች በምልክት ቋንቋ አገልግሎት ስርጭት በተጨማሪ በአገራችን ቋንቋዎችና በውጭ አገር ቋንቋዎች አገልግሎት መስጠት፤

8. አገልግሎት የማስታወቂያ ፣የፕሮግራምና የዶክመንተሪ ዝግጅት ፣የአየር ሰአት መሸጥ፣ የአየር ሰአት ስርጭት ክራይን ገፅ፣ ስልጠና፣ ቀጥታ የቴሌቭዥን ስርጭት ፣ የቪድዮ ካሜራ ቀረፃ፣ የዶክመንት መሸጥ ፣ ስቱድዮ፣ የስቱድዮ መሳሪያዎችና አዳራሽ አገልግሎት ማከራየት፣ የቴክኖሎጂ መሳርያዎች ስፐስፊኬሽን ማውጣትና ማማከር አገልግሎት ፣ የቴክኖሎጂ መሳሪያዎች ማውጣትና ማማከር፣ የቴክኖሎጂ መሳርያዎችና ሌሎችን በተመጣጣኝ ክፍያ አገልግሎት መስጠት፤ ከሌሎች ባለድርሻ አካላት ተጋርቶ በመስራት ድርሰቶች፣ፊልሞች፣ ድራማዎችና ተዛማጅ ስራዎች ለጋራ ገቢ በውል መግዛትና መስራት። ዝርዝር አፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል፤

9. ንስራሕቲ ዘድልዩ መሳርሕታት መራኸቢ ሓፋሽ ኣድላይ ኣብ ዝኾነ ቦታ ይተክል፣የመሓድርን ይቆፃፀርን፤

10. ንዝህቦ ግልጋሎት ዋጋ ምውሳን፣ ምእካብን ከም ኣድላይነቱ ብኽፋል ወይ ብሙሉእ ካብ ክፍሊት ነፃ ምግባር። ዝርዝር ኣፈፃፅምኡ ብደንቢ ይውሰን፤

11. ኣብ ውሽጢ ክልልና ፣ሃገርናን ወፃእን ምስ ዘለው መረዳእታ ወሃቢቲ ኣካላት ዜናን መዳርግቲ ኣካላትን ልውውጥ ተሞክሮ፣ ሓገዝ፣ ነዊሕን ሓፂርን ስልጠናን ካልኦትን ዘርክብ ዝምድና ምህናፅ፤

12. ካልኦት ዕላማን ልእኽቶን ናይዚ ኤጀንሲ ተግባራት ምፍፃም።

ዓንቀፅ 8.<u>ኣወዳድባ</u>

እዚ ኤጀንሲ፡-

1. ቦርድ፣
2. ዋና ኣካያዲ ስራሕ፣
3. ሓደ ምክትል ስራሕ መካየድን ቦርድ ኣብ ዝኣመነሉ ካልኦት ምክትላትን፣
4. ካልኦት ኣድለይቲ ሰራሕተኛታትን ይህልውዎ።

ዓንቀፅ 9.<u>ብዛዕባ ቦርድ</u>

1. እዚ ቦርድ ዓሰርተ ሓደ ኣባላት ይህልውዎ፣
2. ኣባላት እዚ ቦርድ ካብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ፅዮ፣ ማሕበራትን ካልኦትን ዝተዋፃፅኡ ኮይኖም፣

9. ለስራ የሚያስፈልጉ የመገናኛ ብዙሃን መሳርያዎች አስፈላጊ በሆነ ቦታ ይተክላል፣ያስተዳድራል፣ይቆጣጠራል፤

10. ለሚሰጠው አገልግሎት ዋጋ የመወሰን፣ የመሰብሰብና የመጠቀም ፣ እንደ አስፈላጊነቱ በከፊል ወይም በሙሉ ከክፍያ ነፃ የማድረግ። ዝርዝር አፈፃፀሙ በደንብ ይወሰናል፤

11. በክልላችን ውስጥ፣ በሃገራችንና በውጭ ካሉት መረጃ ሰጪ አካላት ዜናና ባለ ድርሻ አካላት የተሞክሮ ልውውጥ፣ድጋፍ፣ የረጅምና የአጭር ግዜ ስልጠና ሌሎችን የሚያስገኝ ግንኙነት መመስረት፤

12. የኤጀንሲው ዓላማና ተልእኮ ሌሎች ተግባራት የማከናወን።

አንቀጽ 8. <u>አደረጃጀት</u>

ኤጀንሲው፡-

1.ቦርድ፣

2.ዋና ስራ አስኪያጅ፣

3.አንድ ምክትል ስራ አስኪያጅና ቦርዱ ያስፈልጋል ብሎ ያመነበት ሌሎች ምክትል ስራ አስኪያጆች ፣

4.ሌሎች አስፈላጊ የሆኑ ሰራተኞችን ይኖሩታል።

አንቀጽ 9<u>. ስለ ቦርዱ</u>

1. ቦርዱ አስራ አንድ አባላት ይኖሩታልክ፤
2. የቦርዱ አባላት ከተለያዩ መስሪያ ቤቶች፣ ማህበራትና ሌሎችን የተወጣጡ ሆኖው፣

ሀ/ ቢሮ ርክብ ህዝብን መንግስትን---------ኣባል

ለ/ ዋናኣካያዲ ስራሕ እዚ ኤጀንሲ-----------ኣባል

ሐ. ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ----------ኣባል

መ. ማሕበር መናእሰይ ትግራይ-------------ኣባል

ረ. ማሕበር ሓረስቶት ትግራይ--------------ኣባል

ሰ. ማሕበር ጉድኣት ኲናት ትግራይ---------ኣባል

ሸ. ሲቨክ ማሐበራት----------------ኣባል ኮይኖም ካልኦት ብርእሰ ምምሕዳር ይሰየሙ፣

3. ተፀዋዕነት ቦርድ ንቤት ምኽሪ ይኸውን፤

4. ዘበን ስራሕ ቦርድ ሓሙሽተ ዓመት ይኸውን፤

5. ዋና ኣካያዲ ስራሕ እዚ ኤጀንሲ ኣባልን ፀሓፍን ቦርድ ይኸውን፤

6. ኣካቢ ቦርድ ካብቶም ኣባላት ቦርድ ብርእሰ ምምሕዳር ክልል ይስየም።

**ዓንቀፅ 10.<u>ስልጣንን ተግባርን እዚ ቦርድ</u>**

እዚ ቦርድ ተፀዋዕነቱ ንቤት ምኽሪ ኮይኑ ዝስዕቡ ስልጣንን ተግባርን ይህልውዎ፡-

1. ስራሕቲ እዚ ኤጀንሲ ብላዕለዋይነት ይመርሕ፤

2. መራኸብቲ ሓፋሽ ዝምልከቱ ናይ መንግስቲ ፖሊሲን ሕግታትን በዚ ኤጀንሲ ተግባራዊ ምኻኖም የረጋግፅን ይከታተልን፤

ሀ.የህዝብ ግንኙነት ቢሮ ----------------ኣባል

ለ. የኤጀንሲው ዋና ስራ ኣስኪያጅ--------ኣባል

ሐ. የትግራይ ሴቶች ማሕበር ----------ኣባል

መ.የትግራይ ወጣቶች ማሕበር ----------ኣባል

ረ.የትግራይ ገበሬዎች ማሕበር ----------ኣባል

ሰ.የትግራይ ጦር ጉዳተኞች ማሕበር---- ኣባል

ሸ.የትግራይ ስቪክ ማሕበራት-------ኣባል ሆነው ሎሎች በርእሰ መስተዳድሩ ይሰየማሉ፤

3.የቦርዱ ተጠሪነት ለምክር ቤት ይሆናል፤

4.የቦርዱ የስራ ዘመን ኣምስት ዓመት ይሆናል፤

5.የኤጀንሲው ዋና ስራ ኣስኪያጅ የቦርዱ ኣባልና ጸሐፊ ይሆናል፤

6. ከቦርዱ ኣባላት የቦርዱ ሰብሳቢ በክልል ርእሰ መስተዳድሩ ይሰየማል።

**ኣንቀጽ <u>10. የቦርዱ ስልጣንና ተግባር</u>**

የቦርዱ ተጠሪነት ለምክር ቤት ሆኖ የሚከተሉት ሥልጣንና ተግባራት ይኖሩታል፡-

1. የኤጀንሲው ስራዎች በበላይነት ይመራል፤

2. የመገናኛ ብዙሃን የሚመለከቱ የመንግስት ፖሊሲና ሕጎች በኤጀንሲው የሚተገበሩ መሆናቸው ይከታተላል፤

3. ፖሊሲታትን ሕግታትን ክልልናን ሃገርናን ኣብ ተግባር ምውዓሎም ምርግጋፅ፤

4. ብህዝቢ ክፍለጡ ዝግብኦም ፖሊሲታትን ሕግታትን ብእዋኑ ምምሕልላፎም ምርግጋፅ፤

5. ህዝቢ እዚ ኤጀንሲ ብዝህቦ ግልጋሎት ተረባሒ ምዃኑ ምግምጋም፣ንዝበለፀ ረብሓ ህዝቢ ሓሳባት ምቕራብ፤

6. ዝተፈላለየ ኣረኣእያን እምነትን ዘለዎም ክፋላት ሕብረተሰብን ውድባት ፖለቲካን ሚዛናውን ፍትሓውን ግልጋሎት መራኸቢ ሓፋሽ ምርካቦም የረጋግፅ፤

7. ብመሳርሕታት መራኸብቲ ሓፋሽ ዝፍነው ትሕዝቶ መደባት ምግምጋምን ዝመሓየሽሎም ኣገባባት ሓሳብ ምቕራብን፤

8. ካብ ሰማዕትን ተኸታተልትን ኣብዚ ኤጀንሲ ዝቐርቡ ቅርታታት ምምርማርን ምሃብ ውሳነን፤

9. እዚ ቦርድ ከከም ዓይነት ተደላይ ሞያን መደብ ስራሕን እናወሰነ ሰራሕተኛታት እዚ ኤጀንሲ ብኣዋጅ መስርሕን ሰራሕተኛን ፣ ኣዋጅ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ክልልና፣ ነዚ ኣዋጅ ስዒቡ ብዝወፅእ ደንብን መምርሕታትን ክመሓደሩ ይገብር፤

3. የክልላችንና የኣገራችን ፖሊሲዎችና ህጎች በተግባር መዋላቸው ማረጋገጥ፤

4. በህዝብ መታወቅ ያለባቸው የመንግስት ፖሊሲዎችና ሕጎች በወቅቱ መተላለፋቸውን የማረጋገጥ፤

5. ኤጀንሲው በሚሰጠው ኣገልግሎት ሕዝቡ ተጠቃሚ መሆኑ የመገምገም ፣ይበልጥ ተጠቃሚ ስለሚሆንበት ሁኔታ ሐሳብ የማቅረብ፤

6. የተለያየ ኣመለካከት እምነት ያላቸው የፖለቲካ ድርጅቶችና የሕብረተሰብ ክፍሎች ሚዛናዊና ፍትሐዊ የመገናኛ ቡዙሃን ኣገልግሎት ማግኘታቸውን የማረጋገጥ፤

7. በመገናኛ ብዙሃን መሳርያዎች የሚሰራጩ ፕሮግራም ይዘቶች የመገምገምና፣ስለ ሚሻሻሉበት ሁኔታዎች ሐሳብ የማቅረብ፤

8. ከኣድማጮችና ከተመልካቾች በኤጀንሲው ላይ የሚቀርቡ ቅሬታዎችን የመመርመር እና ውሳኔ የመስጠት፤

9. ቦርዱ እንደየ ሙያው ተፈላጊነትና የሥራ መደብ እየወሰነ የኤጀንሲው ሰራተኞች በኣሠሪና ሠራተኛ ኣዋጅ፣የክልላችን የመንግሥት ሠራተኞች ኣዋጅ፣ይህ ኣዋጅ ተከትሎ በሚወጣ ደንብና መመሪያዎች እንዲተዳደሩ ያደርጋል፤

10. ንኡስ ዓንቀፅ 9 እዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ ቦርድ ነዚ ኤጀንሲ ዘስርሕ መሓውርን ስኬል መሃያ ሰራሕተኛታትን የዳሉ፤ ብስቪል ሰርቪስ ምስ ፀደቐ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር፤

11. ነዚ ኤጀንሲ ዘስርሕ መምርሒ ቁፃር፣ ዕብየትን ምምሕዳርን ከምኡ እውን ውዕሎ ዓስብን ካልኦት ጥቕማ ጥቕምን ሰራሕተኛታት የዳሉ ፣የፅድቕ ፣ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር፤

12. እዚ ኤጀንሲ ካብ መንግስቲ ዝተመደበሉ በጀትን ካልእ ውሽጢ ኣታዊኡን ብመሰረት ሕጊ ፋይናንስ ይጥቀም ምህላው የረጋግፅ፤

13. ኣሰራርሓ እዚ ኤጀንሲ ዝመሓየሽሉ ኣንፈት የነፅር፤ ዓመታዊ ትልምን በጀትን ከምኡ'ውን ፀብፃብ ምንቅስቓስ ስራሕ ይግምግም ፤

14. ንስራሕቲ እዚ ኤጀንሲ ኣድለይቲ ዝኾኑ ኣሰራርሓታት፣ ዝተፈላለዩ መፈፀሚ መምርሕታትን ክወፁ ኣንፈት ይህብ ፤ኣብ ስራሕ ምውዓሎም ይከታተል፤

15. ናይዚ ኤጀንሲ ምክትል ስራሕ መካየድቲ ብመቕረባይነት ቦርድ ይሽየሙ ፡፡

**ዓንቀፅ** 11. <u>ኣኼባ ቦርድ</u>

1. እዚ ቦርድ እንተውሓደ ኣብ ዓመት ኣርባዕተ ግዘ ስሩዕ ኣኼባ የካይድ፤



10. የዚህ አንቀጽ ንኡስ አንቀፅ 9 እንደተጠበቀ ሆኖ ቦርዱ ለኤጀንሲው ሊያሰራ የሚችል መዋቅርና የደመወዝ ስኬል ያዘጋጃል፤ በሲቪል ሰርቪስ ሲጸድቅ ስራ ላይ እንዲውል ያደርጋል፤

11. ለኤጀንሲው የሚያሰራ የቅጥር፣ እድገት፣ አስተዳደር እንዲሁም ውሎ አበልና ሌሎች የሠራተኛው ጥቅማ ጥቅሞች መመርያ ከፀደቀ ብኋላ፤ ሥራ ላይ እንዲውል ያደርጋል፤

12. ኤጀንሲው ከመንግስት የሚመደብለት በጀትና ሌሎች የውስጥ ገቢዎቹ በሕግ መሠረት እየተጠቀመበት መሆኑ ያራጋግጣል፤

13. የኤጀንሲው አሰራር የሚሻሻልበት አቅጣጫ ይለያል፤ ዓመታዊ የሥራ ዕቅድና በጀት እንዲሁም የሥራ እንቅስቃሴ ሪፖርት ይገመግማል፤

14. ለኤጀንሢው አሥፈላጊ የሆኑ አሠራሮች፣ የተለያዩ ማሥፈፀሚያ መመሪያዎች እንዲወጡ አቅጣጫ ይሠጣል፤ በሥራ ላይ መዋላቸው ይከታተላል፤

15. የኤጀንሲው ምክትል ስራ አስኪያጆች በቦርድ አቅራቢነት ይሾማሉ ፡፡

**አንቀጽ** <u>11.የቦርዱ ስብሰባ</u>

1. ቦርዱ ቢያንስ በዓመት ዓራት ጊዜ መደበኛ ስብሰባ ያደርጋል፤

2. ህፁፅ ዛዕባ እንተጋጥም ብኣካቢ ቦርድ ወይ እንተናኣሰ ሲሶ ኣባላት ቦርድ ኣኼባ ክፅዋዕ እንተሓተ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ክእከብ ይኽእል፤

3. ካብ ፍርቂ ንላዕሊ/50%+1/ ኣባላት ቦርድ ኣብቲ ኣኼባ እንተርከቡ ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን፤

4. ወሳነ ቦርድ ብበዝሒ ድምፂ ይኸውን፤ ኮይኑ ግን ማዕረ ንማዕረ ድምፂ እንተጋጥም ኣካቢ ቦርድ ዘለዎ ውሳነ ሓሳብ ተግባራዊ ይኸውን፤

5. ነፍሲ ወከፍ ኣባል ቦርድ ኣብ ዝውስኖም ውሳነታት ብሓባርን ብተናፀልን ሓላፍነት ይህልዎ፤

6. ቦርድ ውሽጣዊ ስራት ስነ ስርዓት ኣኼብኡ ከውፅእ ይኽእል።

ዓንቀፅ 12. ተግባርን ሓላፍነትን ዋና ኣካያዲ ስራሕ

ስልጣንን ተግባርን ዋና ኣካያዲ ስራሕ እዚ ኤጀንሲ፦

1. ዋና ኣካያዲ ስራሕ እዚ ኤጀንሲ ብመሰረት ብቦርድ ዝውሃቦ ሓፈሻዊ መምርሕታት ብምግባር ዋና ፈፃሚ ስራሕ ኤጀንሲ ኮይኑ ይመርሕን የመሓድርን፣

2. ሓፈሻዊ ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ሕሉው ኮይኑ ዋና ኣካያዲ ስራሕ፡-

2. አስቸኳይ ሁኔታ ሲያጋጥም በቦርዱ ሰብሳቢ ወይም ከቦርዱ ኣባላት መካከል ቢያንስ ኣንድ ሶስተኛው ኣባላት ከጠየቁ በማናቸውም ጊዜ ሊሰበሰብ ይችላል፤

3. በቦርዱ ስብሰባ ላይ ከግማሽ በላይ/50%+1/ ኣባላት ከተገኙ ምልኣተ ጉባዔ ይሆናል፤

4. የቦርዱ ውሳኔ በድምፅ ብልጫ ይሆናል፤ ሆኖም ድምጽ እኩል ለእኩል የተከፈለ እንደሆነ የቦርድ ሰብሳቢው ውሳኔ ሃሳብ ተፈጻሚይሆናል፤

5. እያንዳንዱ ቦርድ በኣባል በሚወስናቸው ውሳኔዎች በጋራና በተናጠል ሃላፊነት ይኖሯል፤

6. ቦርዱ የራሱን የስብሰባ ውስጠ ደንብ ስርዓት ሊያወጣ ይችላል።

አንቀጽ 12.የዋና ስራ አስከያጅ ተግባርና ሃላፊነት

የኤጀንሲው ዋና ስራ አስኪያጅ ተግባርና ሃላፊነት፦

1. ዋና ስራ አስከያጁ የኤጀንሲው ዋና ስራ አስፈጻሚ በመሆን ከቦርድ በሚሰጠው አጠቃላይ መመሪያ መሠረት የኤጀንሲው ስራ ይመራል፤ ያስተዳድራል፤

2. የዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 አጠቃላይ ድንጋጌ እንደተጠበቀ ሆኖ ዋና ሥራ አስኪያጅ፦

ሀ.ኣብዚ ኣዋጅ ዓንቀፅ 7 ዝተጠቐሰ ተግባራትን ሓላፍነትን እዚ ኤጀንሲ ኣብ ስራሕ የውዕል፤

ለ.ትሕዝቶ ኣንፈት መደባት ይትልም፤ ኣፈፃፅመኦም ይከታተልን ይቆፃፀርን፤

ሐ.ብመሰረት ሕጊ ሰራሕተኛታት እዚ ኤጀንሲ ይምልምል፣ይቖፅር፣የመሓድር፤መሓውር፣ ስኬል መሃያ፣ውዕሎ ዓስብን ካልኦት ጥቕማ ጥቕምታትን ከከም ኩነታቱ ናብ ቦርድ የቕርብ ፤እንትፍቀድ ተግባራዊ ይገብር፣

መ. ዓመታዊ ትልሚ መደባትን መፈፀሚ በጀትን የዳሉ፤ ከምኡውን ፀብፃብ ፍፃመ ስራሕ ንቦርድን ቤት ምኽርን የቕርብ፤

ረ. ንኣፈፃፅማ ትልሚ መደባት ዝፀደቐ በጀት መሰረት ወፃኢ ብምግባር ይከታተል፤

ሰ. ምስ ሳልሳይ ወገናት ዝግበሩ ኩሎም ርክባት ነቲ ኤጀንሲ ይውክል፤

ሸ. ንስራሕቲ እዚ ኤጀንሲ ኣድለይቲ ዝኾኑ ኣሰራርሓታትን ዝተፈላለዩ ማንዋላትን ብምትእትታው ተግባራዊ ይገብር ፤

ቀ. ብቦርድ ዝዋሃብዎ ካልኦት መደባት ይፍፅም፤

3. ስራሕቲ ኤጀንሲ ንምቅልጣፍ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ካብ ዝተውሃቦ ስልጣንን ተግባርን ነኪዩ

ሀ.በዚህ ኣዋጅ ዓንቀጽ 7 ለኤጀንሲው የተሰጡትን ስልጣንና ተግባራት ሥራ ላይ ያውላል፤

ለ.የፕሮግራሞች ይዘት ኣቅጣጫን ያቅዳል፣ ኣፈፃፀማቸውን ይከታተላል ፣ይቆጣጠራል፤

ሐ.የኤጀንሲው ሰራተኞች በሕግ መሰረት ይመለምላል፣ ይቀጥራል፣ ያስተዳድራል፤ መዋቅር፣የደሞዝ ስኬል፣ውሎ ኣበልና ሌሎች ጥቅማ ጥቅሞች እንደየሁኔታው ለቦርድ ያቀርባል፤ሲፈቀድ ተግባራዊ ያደርጋል፣

መ.ዓመታዊ የስራ እቅድ ፕሮግራምና ማስፈጸምያ በጀት ያዘጋጃል፤እንዲሁም የሥራ ኣፈጻጸም ሪፖርት ለቦርድና ለምክር ቤት ያቀርባል፤

ረ.ለሥራ ዕቅድ ፕሮግራም ኣፈፃፀም የፀደቀ በጀት መሰረት ወጪ በማድረግ ይከታተላል፤

ሰ.ከሦስተኛ ወገኖች ጋር በሚደረጉ ግንኙነቶች ሁሉ ኤጀንሲውን ይወክላል፤

ሸ.ለኤጀንሲው ኣስፈላጊ የሆኑ ኣሰራሮች፣ የተለያዩ ማስፈፀሚያ መመሪያዎችና ማንዋሎችና ተግባራዊ እንዲሆኑ ያደርጋል፤

ቀ.ከቦርድየሚሰጡሌሎችተግባራትን ያከናውናል፤

3. ዋና ስራ አስከያጁ ለኤጀንሲው ስራ ለማቀላጠፍ ሥልጣንና ተግባሩን በከፊል ለሚመለከታቸው የኤጀንሲው የስራ

ንዘምልከቶም ሓለፍትን ሰራሕተኛታትን እዚ ኤጀንሲ ብውክልና ክህብ ይኽእል፤ኮይኑ ግን ንዋና ኣካያዲ ስራሕ ተኪኡ ዝሰርሕ ሰብ ንልዕሊ ሳላሳ መዓልቲ ዝሰርሕ እንተኾይኑ እቲ ውክልና ኣቐዲሙ ንቦርድ ቀሪቡ ክፍቀድ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 13.** <u>ምክትል ዋና ኣካያዲ ስራሕ</u>

ምክትል ዋና ኣካያዲ ስራሕ እዚ ኤጀንሲ ተፀዋዕነቱ ንዋና ኣካያዲ ስራሕ ኾይኑ፣

1. ሓደ ዘፈር ስራሕ እቲ ኤጀንሲ ይመርሕ፤
2. ዋና ኣካያዲ ስራሕ ኣብ ዘይህልወሉ ወይ ስርሑ ክፍፅም ኣብዘይኽእለሉ ግዜ ንዋና ኣካያዲ ስራሕ ተኪኡ ይሰርሕ፤
3. ብዋና ኣካያዲ ሰራሕ ተፈልዮም ዝወሃብዎ ካልኦት ተወሰኽቲ ስራሕቲ ይፍፅም።

**ክፍሊ ሰለስተ**

**ዝተፋላለዩ ድንጋገታት**

**ዓንቀፅ 14.** <u>ፍልፍል በጀት እዚ ኤጀንሲ</u>

1. ፍልፍል በጀት እዚ ኤጀንሲ፡-
   ሀ. ካብ መንግስቲ ዝምደብ በጀት፣
   ለ. ብመሰረት እዚ ኣዋጅ ካብ ዝእከቦ እቶትን፣
   ሐ. ካብ ካሊእ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ዝርከብ እቶትን ይኸውን።
2. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ መሰረት ዝተረኽበ ገንዘብ ንመፈፀሚ ስራሕ እዚ ኤጀንሲ ይውዕል።



ሃላፊዎችና ሰራተኞች በውክልና ሊያስተላልፍ ይችላል፤ሆኖም ዋና ስራ ኣስከያጁ ተክቶ የሚሰራው ከሠላሳ ቀናት ለሚበልጥ ግዜ የሚሰራ ከሆነ ውክልናው ኣስቀድሞ ለቦርዱ ቀርቦ መፈቀድ ይኖርበታል።

**ኣንቀጽ 13.** <u>ምክትል ዋና ስራ አስኪያጅ</u>

የኤጀንሲው ምክትል ዋና ስራ አስኪያጅ ተጠሪነቱ ለዋና ስራ ኣስከያጁ ሁኖ፣

1. የኤጀንሲው አንድ የስራ ዘርፍ ይመራል፤
2. ምክትል ስራ ኣስከያጅ ዋና ስራ ኣስከያጅ በማይኖርበት ወይም ስራው ለመፈፀም በማይችልበት ግዜ የዋና ስራ ኣስከያጁ ሥራ ተክቶ ይሰራል፤
3. በዋና ስራ ኣስከያጁ የሚሰጣቸው ሌሎች ተጨማሪ ስራዎች ያከናውናል።

**ክፍል ሦስት**

**ልዩ ልዩ ድንጋጌዎች**

**ኣንቀጽ 14.** <u>የኤጀንሲው የበጀት ምንጭ</u>

1. የኤጀንሲው የበጀት ምንጭ፡-
   ሀ. በመንግስት የሚመደብለት በጀት፣
   ለ. በዚህ ኣዋጅ መሰረት ከሚሰበስበው ገቢ፣እና
   ሐ. ከሌሎች የተለያዩ ምንጮች የሚገኝ ገቢ ይሆናል።
2. በዚህ አንቀፅ ንኡስ አንቀፅ 1 መሰረት የተገኘ ገንዘብ ለኤጀንሲው ስራ ማስፈፀምያ ይውላል።

ዓንቀፅ 15.ኣተሓሕዛን ምርመራን መዛግብቲ ሒሳብ

1. እቲ ኤጀንሲ ብሕጊ ፋይናንስ ዝተማልአን ትክክለኛን መዝገብ ሒሳብ ይሕዝ ፤
2. መዛግብቲ ሒሳብን ገንዘብ ተንከፍ ሰነዳትን ናይዚ ኤጀንሲ ብክልል ዋና ኦዲተር ይምርመር።

ኣንቀፅ 16. ስልጣን ምዉፃእ ደንብን መምርሕን

1.ነዚ ኣዋጅ መፈፀሚ ዘድሊ ደንቢ ቤት ምኽሪ የውፅእ፤

2.ቦርድ ነዚ ኣዋጅን ስዒቡ ንዝወፅእ ደንብን መፈፀሚ ዘድልዩ መምርሕታት የውፅእ።

ዓንቀፅ 17.መሰጋገሪ ድንጋገ

ኣተኣኻኽባ፣ ኣጠቓቕማ እቶትን ኣተማምና ክፍሊት ግልጋሎትን ኤጀንሲ መራኸብቲ ሓፋሽ ትግራይ ዝወፀ ቑፅሪ ደንቢ 73/2004 ዓ/ም ነዚ ኣዋጅ ክሳብ ዘይተፃብኣ ክሳብ ሰነ 30/2009 ዓ/ም ኣብ ስራሕ ይፀንሕ።

ዓንቀፅ18.ዝተሰዓሩ ሕግታትን

መጣየሺ ኣዋጅ ኤጀንሲ መራኸቢ ሓፋሽ ቁፅሪ ኣዋጅ 142/2000 ዓ/ም ክልልና በዚ ኣዋጅ ተሳዒሩ ኣሎ።

ዓንቀፅ 19. ኣዋጅ ዝፀንዐሉ እዋን

እዚ ኣዋጅ ካብ 29/05/ 2009 ዓ/ም ጀሚሩ ዝፀንዐ ይኸዉን።

ኣባይ ወልዱ

ፕሬዚዳንት

ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

መቐለ



አንቀጽ 15.የሂሳብ መዛግብት አያያዝና ምርመራ

1. ኤጀንሲው በፋይናንስ ሕግ የተሟላ እና ትክክለኛ የሂሳብ መዛግብት ይይዛል፤
2. የኤጀንሲው የሂሳብ መዛግብትና ገንዘብ ነክ ሰነዶች በክልሉ ዋና ኦዲተር ይመረመራል ።

አንቀጽ 16. ደንብና መመሪያ የማውጣት ስልጣን

1. ይህንን አዋጅ ለማስፈፀም የሚያስፈልግ ደንብ ምክር ቤቱ ያወጣል ፤

2.ቦርዱ ለዚህ አዋጅና ተከትሎት ለሚወጣ ደንብ ማስፈፀምያ መመሪያዎች ያወጣል ።

አንቀፅ17.መሸጋገሪያ ድንጋገ

የገቢ አሰባሰብ ፣አጠቃቀምና የክፍያ አገልግሎት አተማመን የትግራይ መገናኛ ብዙሃን ኤጀንሲ ደንብ ቁጥር 73/2004 ዓ/ም ለዚህ አዋጅ እስካልተቃረነ እስከ ሰኔ 30/2009 ዓ/ም በስራ ላይ ይቆያል።

አንቀጽ 18.የተሻሩና ሕጎች

የክልላችን የመገናኛ ብዙሃን ኤጀንሲ መቋቋሚያ አዋጅ ቁጥር 142/2000 ዓ/ም በዚህ አዋጅ ተሽሯል።

አንቀጽ 19. አዋጅ የሚፀናበት ጊዜ

ይህ አዋጅ ከ 29/05/2009 ዓ/ም ጀምሮ የፀና ይሆናል።

ኣባይ ወልዱ

የትግራይ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስት

ፕሬዚዳንት

መቐለ